Tribunals Service
Asylum Support Tribunal

ናይ ጽግዕተኛ ዝሓተቱ እቲ ሓገዞም ምውሳድ ዘይተፈቕደሎም ሓገዞም ዝተቛረጸሎምን ርእሱ ዝኸኣለ መንገዲ ናይ ይግባይ መግበሪ ክፍሊ።

# እንኳዕ ብደሓን መጻእኩም ናብ እቲ (ናይ ጽግዕተኛታት ናይ ሓገዝ ቤት ፍርዲ) ዌብ ፐይጅ።

እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ናብ እዚ ናይ ስደተኛታት ናይ ሓገዝ ቤት ፍርዲ ዌብ ሳይት እንዳበልኩ እዚ ትሕዝቶ ኣገዳሲ ኮይኑ ንኽትረኽብዎ ተስፋ ይገብር።

እዚ ናይ ስደተኛታት ዓንቀጽ ሕጊ 1999 ሓዲሽ ንጽግዕተኛ ዝሓተቱን ነቶም ኣብ ትሕቲኦም ዝመሓደሩን ናይ ሓገዝ መውሃቢ መንገዲ መስሪቱ።

ናይ ጽግዕተኛታት ዋና ምንጪ ቤት ጽሕፈት (The Asylum Resource Directorate) (ARD), ነቲ ናይ ኣመልካትን ናይ ኣብ ትሕቲኡ ዘመሓደር ኩነታትን መርሚሩ እቲ ድኽነቱ ምስቲ ናይ ብሕጊ ዝተወሰነ ዘማልእ ምዃኑን፡ ማዕረ ኽንደይ ሓገዝ ከምዘድልዩ ዝውስን እዩ። እቲ ARD ን ጽግዕተኛታት ዝህቦ ዝነበረ ሓገዝ ኣቋሪጹ ወይ ከአ ነቲ ሓገዝ ከይተጀመረ ከሎ እንተድኣ ዘየፍቀደ እቲ ዑቅባ ዝሓተተ ሰብ ነዚ ውሳኔ እዚ ይግባይ ክብል ይኽእል እዩ።

እቲ ናይ ዑቅባ ሓታቲ ናይ ሓገዝ ቤት ፍርዲ ዝመጸ ይግባይ ዝብል ሕቶ ኣብ ግምት ከእትዎ እዩ።

ኣብ ታሕቲ ቀጺሉ ዘሎ ገጻት እቶም ቀንዲ ቀንዲ ዝኾነ ዶኩመንትታት ብዝተፈላለዩ ኣገደስቲ ዝኾኑ ቋንቋታት ኣተርጒምናዮም ኣለና። እዚ ኣገዳሲ ዝኾነ ጠቃሚ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ AST ዋና ስራሕ ክሕብረኩምን ተስፋ ንገብር። ከምኡ እውን ይግባይ ምስበልኩም ኣብ እቲ ጉዳይኩም ዝረኣየሉ መዓልቲ እቲ ኣካይዳ መንገዲ ከመይ ምዃኑ ዝሕብር እዩ። ካብዚ ንላዕሊ ብዝያዳ ሓበሬታ እንተድኣ የድልየኩም ኮይኑ ብኽብረትኩም ተራኺብኩም ደዊልኩም ኣዘራርቡና፣

**ሰብሃ ሃሩን ስቶሪ። (Sehba Haroon Storey)**
**ዋና ናይ ጽግዕተኛታት ድጋፍ ዳኛ(Chief Asylum Support Adjudicator)(CASA)**

# መእተዊ

## ናትና ስራሕ

እዚ ናይ ስደተኛታት ዓንቀጽ ሕጊ 1999 ሓዲሽ ንጽግዕተኛ ዝሓተቱን ነቶም ኣብ ትሕቲኦም ዝመሓደሩን ናይ ሓገዝ መውሃቢ መንገዲ መስሪቱ። እቲ ዝነበረ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዑቕባ ዝሓተቱ ዝወሃቦም ዝነበረ ግቡእ ካብ ናይ ማሕበራዊ ደሕንነትን ከምኡውን ተወሳኺ ሓገዛት ናብዚ ሓድሽ ተቐይሩ።.

እቲ ARD ነቲ ሓገዝ ይወሃበኒ ኢሉ ዘመልከትን ነቶም ኣብ ትሕቲኦም ኮይኖም ዝነብሩ ሓገዝ የድሊዮም ድዩ (ማዕረ ክንደይ ድኻነት ከምዘለዎም) እቲ ሓገገዝ ከ ማዕረ ክንደይ ሓገዝ ክኸውን ኣለዎ ኢሉ ምርመራ ዘካይድ ክፍሊ እዩ። እዚ ሓገዝ እዚ ናይ መንበሪ ገዛን ኣገዳሲ ዝኾነ ነገር መግዝኢ ገንዘብ ዝወሃበሉ እዩ።

እንተድኣ እቲ ARD ነቲ ዝህቦ ዝነበረ ሓገዝ ጠጠው ኣቢልዎ ወይከኣ ነቲ ሓገዝ ክጅመር ዘየፍቀደ። እቲ ዑቕባ ዝሓተተ ሰብ ነዚ ውሳኔ እዚ ኣይቕበሎን እየ ኢሉ ይግባይ ክብል ይኽእል እዩ።

ነቲ ይግባይ ዝተባህለ ከኣ እቲ AST ኣብ ግምት ከእትዎ እዩ። ብዛዕባ እቲ ዑቕባ ዝሓተትክምሉ ጉዳይ ወይ ከኣ ብዛዕባ ናይ ስደተኛታት ጉዳይ እቲ ARD ኣይምልከቶምን እዩ። ንየየም ዝምልከቶም ብዛዕባ ናይ ሓገዝ ዘይተፈቕደሎምን ወይ ከኣ ብዛዕባ ሓገዝ ይወሃበኩም ነይሩስ ሕጂ ዝተቋረጸልኩም ጉዳይ ጥራይ እዩ ዝርኢ።

ነቲ ይግባይ ዝተባህለ ጉዳይ ክርኢ ከሎ። እቲ ውሳኔ ሓደ ካብ እዘን ሰለስተ ውሳኔታት ክኸውን ይኽእል። ቀዳማይ ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪ ነቲ ዝወሰኖ ጉዳይ መሊሱ ንኽሓስበሉ ክሓትት ይኽእል ካልኣይ ነቲ ቅድሚሕጂ ዝተወሰነ ውሳኔ ቀይሮም ነቲ ይግባይ ዝበለ ክቕበልዎ ይኽእሉ። ሳልሳይ ነቲ ይግባይ ዝተባህለ ክስርዝዎ ወይ ከኣ ከይቕበልዎ ይኽእሉ።

እቲ ዳኛ ነቲ ውሳኔ ዝሃበሉ መግለጺ ወይ ከኣ ምኽንያት ብጽሑፍ ክገልጽ ኣለዎ። ከምኡ ከኣ እቲ ውሳኔ ናይ መወዳእታ ምዃኑ።

# ይግባይ ምባል

ይግባይ ክበሃል ከሎ እቲ ናይ ይግባይ ዝበሃለሉ ፎርም "ናይ ይግባይ መመልከቲ" ክምላእ ኣለዎ (በቲ ናይ ክፍሊ 103 ዓንቀጽ ሕጊ) እዚ ፎርም እዚ ብምሉኡ ክምላእ ኣለዎ። ከምኡ ድማ ብእንግሊዘኛ ቋንቋ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ፎርም በቲ ይግባይ ዝብል ዘሎ ሰብ ወይ ከኣ በቲ ወኪሉ ተመሊኡ ካብ እቲ ናይ ARD መልሲ ዝተቀበልሉ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ከይሓለፈ ክቐርብ ኣለዎ።

እቲ ዳኛ ነቲ ይግባይ ዝተባህለ ጉዳይ ወይ ብቓል (እቲ ይግባይ ዝበለ ሰብ ብቃል ዝሕተተሉ) ወይ ከኣ ብወረቐት ጥራይ (እቲ ይግባይ ዝበለ ሰብ ብቃል ሕቶ ዘይሕተተሉ) እዚ ከኣ ( ናይ "ወረቐት ጉዳይ") ኢሉ ዝጽዋዕ መንገዲ ክኸውን ይኽእል።

እቲ ዳኛ (ፈራዳይ) ነቲ ናይ ይግባይ ዝብለሉ ግዜ ከናውሖ ይኽእል። እንተ ድኣ እቲ ምኽንያት ቅቡል ምኽንያት ኮይኑ። እሞ ከኣ ነቲ ጉዳይ ክሕግዞ ይኽእል

ኢሉ እንተ ኣሚንሉ።  እሞ ከኣ እቲ ዘቕረብክሞ ምኽያት ብቑዕ ኮይኑ እንተድኣ ረኺብክሞ።

እቲ ፈራዳይ ነቲ ናይ ይግባይ ዝተባህለሉ ወረቐት ዝተቐበለሉ መዓልቲ እቲ AST ቅዳሕ ናይ እቲ ይግባይ ወረቐት ናብ ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪን ናብ ARD ብፋክስ ይስደድ።

ብድሕሪኡ እቲ ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪ እቲ ይግባይ ዝተባህለ ጉዳይ ጥማር (ፋይል) ናብ እቲ ዳኛ ወይ ብፋክስ ወይ ከኣ ብኢድ ይልእኽ። ከምኡውን ናብ እቲ ይግባይ ዝበለ ሰብ ናይ እቲ ይግባይ ዝተባህለሉ ጥማር (ፋይል) ወይ ብቑልጡፍ ብደብዳቤ ወይ ከኣ ብፋክስ ይልኣኽ።

ትሕዝቶ ናይ እቲ ጥማር (ፋይል) ኩሉ እቲ ዝመላእኩሞ ፎርምን ብዛዕባ እቲ ዝሓተትኩሞ ሓገዝ ዝምልከትን ተወሳኺ ዶኩመንትታትን ነቲ ይግባይ ዝበልኩሞ ጉዳይ ዝምልከት ከምኡ እውን እቲ ናይ ARD ውሳኔ ናይ ቅድሚ ሕጂ ካልእ ኣገዳሲ ዝኾነ ወረቓቕቲ ካብ ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪ ዝላኣክ እዩ።።

ድሕሪ 1 ናይ ስራሕ መዓልቲ  እቲ ናይ ሃገራዊ ምምሕዳር ዋና ጸሓፊ ነቲ ጥማር ናብ እቲ ዳኛ ክሰዶ ከሎ እዚ “እቲ ጉዳይ ዝረኣየሉ መዓልቲ” ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብዚ መዓልቲ እዚ እቲ ዳኛ መዓስ ዕለት እቲ ጉዳይ ክረኣይ ምኳኑ ይገልጽ።

እንተ ደኣ እቲ ጉዳይ ብቃል ኮይኑ ዝስማዕ እቲ AST ን ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪን ነቲ ይግባይ ዝበለ ሰብን እቲ ጉዳይ መዓስ ክርኤ ምኳኑ ይሕብር። እንተ ድኣ እቲ ይግባይ ዝበለ እቲ ጉዳዩ ብቓል ክኾነሉ ኣመልኪቱ። እቲ ዳኛ እቲ ጉዳይ ብቓል ክረኤ ከምዘለዎ ክፍቅድ ይኽእል። ወይ ከኣ እቲ ዳኛ ነቲ ጉዳይ ብቃል ክረአ ኣገዳሲ እዩ ኢሉ እንተድኣ ወሲኑ። ካልእ ናይ ይግባይ ጉዳያት ግን ብዘይ ናይ ቓል ሕቶታት ክውሰን ይካኣል እዩ።

እንተድኣ እቲ ጉዳይ ብቃል ዝረአ ኮይኑ። እቲ ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ይሪአ እሞ መልሲ (ውጽኢት) ናይ እቲ ይግባይ ዝተባህለ ካብ ውሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልቲ ዘይውሕድ ግዜ መልሲ ክወሃብ ኣለዎ።

እንተ ድኣ እቲ ጉዳይ ብቓል ኮይኑ ዝስማዕ። እቲ ጉዳይ ምስተራየ ኣብ ውሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልቲ ዘሎ ግዜ ውሳኔ ተወሲኑ መልሲ ከወሃብ ኣለዎ። ኣብ ካልእ ጉዳያት ግን እቲ ይግባይ ዝተባህለ ጉዳይ ኣብ እቲ ጉዳይ ዝተራእየሉ መዓልቲ እቲ ውሳኔ ክወሃብ ኣለዎ። ወይ ከኣ ብዝተኻእለ መጠን ብቕልጡፍ ብድሕሪኡ (ግን ዝኾነ ኾይኑ ካብ ውሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልቲ  ክበዝሕ የብሉን)።

# ውሳኔ ብዛዕባ ይግባይ ዝተባህለ ጉዳይ

እቲ ዳኛ ነቲ ጉዳይ ይምልከት እዩ ዝብሎ ነገራት ኣብ ግምት ከእትዎ እዩ። ከምኡውን (ብድሕሪ እቲ ናይ ይግባይ ተባሂሉ ዘሎ ዝተፈጸመ ነገራት ከይተረፈ)።

ኣብቲ እቲ ጉዳይ ብቓል ዝረኣየሉ ግዜ እቲ ፈራዳይ ነቲ ኩሉ ነዚ ጉዳይ እዚ ዝምልከቶ ሰብ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ኣብምንታይ በጺሑ ከምዘሎ ከፍልጥ ይግባእ።

እቲ ጉዳይ ብዘይ እቲ  ይግባይ ዝበለ ሰብ ብዘይ ወኪሉ ክቕጽል ይኽእል እዩ።. እንተ ድኣ እቲ ይግባይ ዝበለ ሰብ ወይ ከኣ እቲ ወኪሉ (እንተድኣ ወኪል ኣለኩም ኮይኑ) ከምኡ እውን ናይ ውሽቲ ሃገር ኣማሓዳሪ ጸሓፊ ኣብ እቲ ጉዳይ ዝረኣየሉ መዓልቲ ዘይተረኽቡ። እቲ ዳኛ እቲ ውሳኔ ምልክታ ብድሕሪኡ ክሰደሎም እዮ።

ድሕሪ እቲ ይግባይ ዝተባህለ ጉዳይ ዝተራእየሉ መዓልቲ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ናይ እቲ ጉዳይ መግለጺ “ቓለ መግለጺ” ዝብሃል እቲ ዳኛ ነቲ ክውስነሉ ዝኽኣለ ምኽንያት መግለጺ ነቲ ይግባይ ዝበለ ሰብን ነቲ ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪን ካብ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ከየሕለፈ ይሰድድ። እዚ ናይ “ቓለ መግለጺ” ዝብሃል ብጽሑፍ ኮይኑ። ምኽንያት ናይ እቲ ፈራዳይ ብምንታይ ምኽንያት ምኻኑ ዝገልጽ እዩ። እቲ ውሳኔ ነቲ ናይ ይግባይ ዝበለ ሰብ ዝተጸበዮ መልሲ እንተዘይኮይኑ ወይ ከኣ እቲ ዳኛ ነቲ ይግባይ ዝበለ ሰብ ተወሳኺ ሓበሬታ ከማልኡ ዘለዎ ነገር ሓቲቱ። እቲ AST ነቲ ይግባይ ዝበለ ሰብ ነቲ መግለጺ ዝርዝር ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ በቲ ዝርድኦ ቋንቋ ኣቶርጊሙ ከቕርበሉ እዩ።

እቲ ይግባይ ዝበል ሰብ ምስ እንግሊዝ ጽቡቅ ዝዛረብ ሰብ ኮይኑ ዝነብር። እቲ ቃል መገለጺ ነቲ ይግባይ ዝበለ ሰብ በቲ ዝርድኦ ቋንቋ ኣየተርጉሞሉን እዩ። ከምኡውን ብጽቡቅ ዝተደራጀወ ወኪል ከም በዓል (ረፉጂ ኣክሽን) ወይ ከኣ ጠበቃ ዘለኩም እንተኮንኩም።

# ይግባይ ምባል እንተዘይተፈቕደ

እንተድኣ እቲ ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪ ነቲ ይግባይ ዝተባህለ ነጺግዎ። እዚ ውሳኔ እዚ ነቲ ዳኛን ነቲ ይግባይ ዝበለ ሰብን ብቑልጡፍ ክፍልጦ ኣለዎ።

እንተድኣ እቲ ይግባይ ዝበለ ሰብ ነቲ ይግባይ ዝበሎ ጉዳይ ክስርዞ ደልዩ ብቑልጡፍ ነቲ ዳኛን ነቲ ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪን ክፍልጥ ኣለዎ።

ሓዲኦም ወይ እቲ ይግባይ ዝበለ ሰብ ወይ ከኣ እቲ ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪ ነቲ ይግባይ ዝተባህለ እንተነጺግዎ እዚ እቲ ናይ መወዳእታ ናይ እዚ ጉዳይ በጺሑ ማለት እዩ፣

# ተወሳኺ ሓበሬታ

እቲ ይግባይ ዝብል ዘሎ ሰብ ነቲ ዳኛ ተወሳኺ ጭብጥታት ከቕርብ እንተ ድኣ ደልዩ ን AST ን ARD ሕታም (ኮፒ) ናይ እቲ ጭብጥታት ብቑልጡፍ ክሰደሎም ኣለዎ። እንተ ድኣ እቲ ተቕርብዎ ጭብጥታት ብኻልእ ቋንቋ እንተድኣ ኮይኑ ብምዝጉብ ዝኾነ ኣስቶርጓሚ ናብ እንግሊዘኛ ኣስቶርጉምኩም ኣቕርብዎ።

እቲ ይግባይ ዝበለ ሰብ ነቲ ዳኛ ከቕርቦ ዝኽእል (ዶኩመንትታት) ከም ብዳቤታት። ሰነዳት። ከምኡውን ናይ ጥዕና ሰነዳት ወይ ከኣ ቅብሊት ወይ ከኣ ጸብጻብ ነቲ ጉዳይ ክሕግዝ ይኽእል እዩ ትብልዎ። እቲ ይግባይ ዝብል ሰብ ነቲ ጉዳይ ይምልከት እዩ ዝብሎ ዝኾነ ነገር ክሰድድ ይኽእል እዩ።

ርግጸኛታት እንተዘይኮንኩም ነቲ ጉዳይ ይሕግዝ ድዩ ዋላስ ኣይሕግዝን ስቕ ኢልኩም ስደድዎ ሽዑ እቲ ዳኛ ባዕሉ ክውስን እዩ። እቲ ይግባይ ዝበለ ሰብ ኣብቲ እቲ ጉዳዩ ዝረኣየሉ መዓልቲ ኩሉ እቲ ቀንዲ ዶኩመንትታት (ኦሪጅናል) ሒዞም ክመጹ ኣለዎም።

# ይግባይ ዝተባህለ ጉዳይ ብትኽክልን ብጽቡቕን ምእንቲ ክካየድ

እቲ ይግባይ ዝበለ ወይ ከኣ እቲ ወኪሉ ኣብቲ እቲ ጉዳይ ዝረኣየሉ መዓልቲ ክመጹ እንተ ኮይኖም ብሰዓትኩም ክትርከቡ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።. ሓዲኦም

ወይ ክልቲኦም (ይግባይ በሃላይን ወኪልን) ዶንጉዮም እቲ ዳኛ ነቲ ጉዳይ ብዘይብኦኦም ነቲ ጉዳይ ክቕጽሎ ክውስን ይኽእል እዩ። ናይ እቲ ዳኛ ውሳኔ ናይ መወዳእታ እዩ። ብድሕሪ እዚ ካልኣይ ግዜ ናይ ይግባይ ምባል ዕድል የለን ስለዚ ብሰዓትኩም ክትርከቡ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።

እንተድኣ እቲ ይግባይ ዝበለ ሰብ ወይ ከኣ ወኪሉ ኣድራሻኡ ቀይሩ ነቲ AST ብቕልጡፍ ክፍልጦ ኣለዎ። ን AST ከኣ ወይ ብቴሌፎን ወይ ከኣ ብፋኽስ ክትራኽብዎም ትኽእሉ ኢኹም።

ናብ AST ክትጽሕፉ ከለኹም ብዛዕባ ዝተወሰነ ይግባይ ዝተባህለ ጉዳይ። ብኽብረትኩም ኣይትረስዑ እቲ ናይ AST ናይ መዝገብ ቀጽሪን እቲ ጉዳይ ዝረኣየሉ መዓልትን ኣብቲ ደብዳቤ ክተእትውዎ።

# ዝተፈላለየ ነገራት

## ቅቡል ዘይኮነ ይግባይ

ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ ካብ ሕጂ ጀሚሩ ዝኾነ መመልከቲ ናይ ይግባይ ናባና ትጽሕፍዎ ደብዳቤ ናባና ዝሰደድ። እንተድኣ ናይ እቲ ናይ ይግባይ ዝተባሕለሉ ጉዳይ ናይ ቆጸራ መዓልትን ናይ እቲ ጉዳይ ናይ መዝገብ ቁጽሪን ናይ ARD ሕታም ሓገዝ ከምዘይብልኩም ዝገልጽ ዘይብሉ እቲ ይግባይ ትብልዎ ጉዳይ ቅቡል ኣይኮነን። መብዛሕቲ ግዜ ነዚ ጌጋ እዚ ተኣሪሙ ክስደደልና 7 መዓልቲ ንህብ።

## መምርሒ

እቲ ዳኛ ኣገዳሲ እዩ ኢሉ/ኢላ እንተ ረኺብዎ ብዛዕባ ናይ እቲ ይግባይ ዝተባህለ ጉዳይ ወይ ከኣ ነቲ ጉዳይ ክሕግዝ ይኽእል እዩ ኢሉ እንተ ድኣ ሓሲቡ ዝኾነ ምምርሒ ክህብ ይኽእል እዩ።

# ናይ ይግባይ ኣካይዳ - መጀመሪያ መንገዲ

ይግባይ ክትብሉ ከለኹም መጀመሪያ ንሕና AST ንገብሮ ነገር ነቲ ፎርም ብትኽክል ምምላእኩም ነረጋግጽ።.እቲ ፎርም ብቋንቋ እንግሊዝ ተመሊኡ ምኳኑ ነረጋርጽ። ከምኡ እውን በቲ ይግባይ ዝብል ዘሎ ሰብ እቲ ፎርም ተፈሪሙ ምኳኑን እቲ ናይ ይግባይ ዝበሃል ዕለት ዘይሓለፈ ምኳኑ ነረጋርጽ። እዚ ማለት ከኣ እቲ ብትኽክል ዝተመልኤ ፎርም እንተድኣ ዘየቕረብኩምልና እሞ ኸኣ እንተድኣ (ካብ እቲ ናይ ይግባይ ዝበሃለሉ ዕለት ሓሊፉ) ነቲ ጉዳይኩም ክንቅበሎ ኣይንኽእልን ኢና ማለት እዩ።

እዚ ኩሉ ምስረጋገጽና ብዛዕባ ጉዳይኩም ኣብ እቲ ኮምፒተር ሲስተምና ፋይል ንኽፍተልኩም እሞ ኣብ መዝገብ ነእትዎ። እቲ ናይ ይግባይ ትብልዎ ጉዳይኩም ፍሉይ ዝኾነ ቁጽሪ ይወሃቦ (ኩሉ እቲ ናይ ይግባይ ጉዳያትና ብ "AST" እዩ ዝጅምር እሞ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ ምሳና ክትራኸቡ ከለኹም ነዚ ፍልይቲ ቁጽሪ ክትነግሩና)።

ብድሕሪ እዚ ን ARD ይግባይ ከምዝበልኩም ነፍልጦም እሞ ሕታም ናይ እቲ ቅድሚ ሕጂ ሓገዝ ዝሓተትክሞ እሞ ከኣ ዘይተቐበልኹሞ ምኽንያት ዶክመንትታት  ንኽሰዱልና ንሕብሮም።

እቲ ዳኛ ነቲ ጉዳይኩም ሪኡ ወይ ነዓኹም ወይ ከኣ ነቲ ARD ተወሳኺ ሓበሬታ ንኽወሃቦ ክሓትት ይኽእል እዩ። እንተ ድኣ ወኪል ኣለኩም ኮይኑ ሕታም ናይዚ ሕቶ ናብኡ ከኣ ክስደድ እዩ።

እንተድኣ እቲ ጉዳይኩም ብቓል ይረኣየለይ ትብሉ ኮይንኩም "ናይ እቲ ጉዳይ ዝረኣየሉ መመልከቲ" ይስደደልኩም። እዚ ከኣ እቲ መዓልትን ሰዓትን እቲ ጉዳይኩም ዝረኣየሉ ዝገልጽ እዩ። ናይ እዚ "ናይ እቲ ጉዳይኩም ዝረኣየሉ መመልከቲ" ሕታም ከኣ ናብ እቲ ወኪልኩም ክስደድ እዩ።

ብኽብረትኩም ኣብቲ ናይ ይግባይ ፎርም ክትመልኡ ከለኹም ኣስቶርጓሚ ዘድልየኩም እንተኾኑን ከምኡ ድማ እቲ ትዛረብዎ ቋንቋ ኣፍልጡና። ንሕና ኣብቲ ጉዳይኩም ዝረኣየሉ መዓልቲ ርእሱ ዝኻኣለ ኣስተርጓሚ ንኽግበረልኩም ነዳሉ።

ብዛዕባ እቲ ናይ AST ን ብዛዕባ ናይ እቲ ይግባይ ዝበሃለሉ ቦታ ማእከልን ዝምልከት ሓበሬታ ብደብዳቤ ንሰደልኩም። እቲ ንሰዶ ሓበሬታ ከመይ ጌርኩም ናብ እቲ ቦታ ክትመጹ ከምትኽእሉ ዝሕብርን። ከምኡ እውን እቲ ንሕና ነወፍዮ ነገራትን መግለጺ ነቲ ሓደ ሓደ ቃላት ንሕና ንጥቀመሉ ክንሰደልኩም ኢና። ከምእውን ድምጽኹም ብኸመይ ከተስምዑ ከምትኽእሉ ዝገልጽ ሓበሬታ ክንሰደልኩም ኢና።

ካልእ ዘድልይየኩም ነገራት ብዛዕባ ኣካለስንኩልነት ወይ ከኣ ፍሉይ ዘድልየኩም ነገራት እንተድኣ ኣሎ ኣቐዲምኩም ክትነግሩና ብዙሕ ክሕግዘና ይኽእል።

# ኣብቲ ጉዳይኩም ዝስማዓሉ መዓልቲ

ኣብቲ ናይ ይግባይ ዝግበረሉ ቦታ ክታኣትው ከለኹኡም ልክዕ ከምቲ ናይ ኣብ ኣይርፖርት ክትኣትው ከለኹም ዝግበረሉ ፍተሻን ገርኩም ክትኣትው ኢኹም። ኣብ እቲ ረሰፕሽን ዘለኩም ኣቕሑት ከም ሞባይል ቴለፎን ሽጋራ ናይ ሽጋራ መወልዒ ኣብኡ ገዲፍኩሞ ክትኣትው ከምዘለኩም ክትሕተቱ ኢኹም።

እቲ ጉዳይ ክስማዕ ምስተቀረበ እቲ ኣሰላፊ ( ኣመሓዳሪ) ናብ እቲ ቀዳማይ ደረጃ ዝርከብ ጉዳይኩም ዝስምዓሉ ክፍሊ ነዓኹምን ንወኪልኩምን (ወኪል ኣለኩም እንተድኣ ኮይኑ) ክመርሓኩም እዩ። እቲ ኣስተርጓሚን እቲ ካብ ARD ዝመጸ ነቲ ጉዳይኩም ዘቕርብን ኣብቲ ኮሪደዮ ኣብ ኣፍደገ ናይ እቲ ጉዳይኩም ዝስመዓሉ ክፍሊ እቲ ዳኛ ስጋብ ዝቕረብ ክትጽበዩ ክትሕተቱ ኢኹም።

እንተ ድኣ ዘመድ ወይ ከኣ መሓዛ ሒዝኩም መጺእኩም ንሳ/ንሱ ከኣ ኣብ እቲ ክፍሊ ኣብ ድሕሪት ኮፍ ክብሉ ይፍቀዶም እዩ ግን ናብ እቲ ጉዳይ ክካፈሉ ኣይፍቀድን እዩ። እንተድኣ ምስክር ዝምስክሩ ሰብ ኣለኩም ኮይኑ ከኣ ክሳብ በቲ ኣመሓዳሪ ክሳብ ዝጽውዑ ኣብ እቲ መዕረፊ ክፍሊ ኮፍ ኢሎም ክጽበዩ ክሕተቱ እዮም። ደሓር እቲ ኣመሓዳሪ ናብ እቲ ጉዳይኩም ዝስመዓሉ ክፍሊ ከምጽኦም እዩ። እቲ ዘድሊ ምቅርራብ ከነዳሉ መታን በጃኻትኩም እንተ ድኣ ምስክር ከተቕርቡ ኮይንኩም ኣቐዲምክኩም ኣፍልጡና።

እቲ ጉዳይኩም ክስማዕ ምስተጀመረ እቲ ካብ ARD ዝመጸ ኣቕራቢ እቲ ጉዳይኩም ቅድሚ ሕጂ ንምንታይ ሓገዝ ክትወስዱ ከምዘይተፈቕደልኩም መግለጺ ክህብ እዩ። ንስኻትኩም እውን ናታትኩም ቃል ክትህቡ ዳሕራይ ሕቶታት ክትሕተቱ ከለኹም ዕድል ክወሃበኩም እዩ። እቲ ትሕተትዎ ሕቶታት በቲ ኣስቶርጓሚ ጌሩ ክሕተተኩም እዩ ኣስቶርጓሚ ክግበረልኩም ኣቐዲምኩም ሓቲትኩም እንተ ድኣ ኔርኩም። እቲ ዳኛ ብዝተካእሎ መጠን ነቲ ጉዳይኩም

ትከታተልዎ ከምዘለኹም  ናብቲ ጉዳይኩም ትካፈሉ ከምዘለኹምን ከረጋግጽ ክጽዕር እዩ ።

እቲ ጉዳይኩም ተሰሚዑ ምስተወደኤ ክሳብ እቲ ዳኛ ውሳኔኡ ዝውስን፡ ካብ እቲ ዝነበርኩሞ ክፍሊ ወጺእኩም ኣብ እቲ መዕረፊ ክፍሊ ክትጽበዩ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ልክዕ እቲ ዳኛ ውሳኔኡ ምስ ወሰነ ናብ እቲ ጉዳይኩም ዝተሰምዓሉ ክፍሊ ንክትምለሱ ክትሕተቱ ኢኹም። ሽዑ ድማ እቲ ዳኛ ውሳኒኡ እንታይ ምዃኑ ከፍልጠኩም እዩ። እቲ ዳኛ ነቲ ጉዳይኩም ክቕበሎ ይኽእል እቲ ሓገዝ ንኽጅመረልኩም። ወይ ከኣ ነቲ ጉዳይኩም ኣይክቕበሎን ይኽእል ይሽውን። ወይ ከኣ ነቲ ጉዳይኩም ናብ እቲ ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪ መሊሱ ክርኤ ክመልሶ ይኽእል።

ነቲ ጉዳይኩም ዝተሰምዓሉ ክፍሊ ገዲፍኩም ቅድሚ ምኻድኩም ናይ እቲ ውሳኔ ውጽኢት ብጽሑፍ ክወሃበኩም እዩ። ኣብ ውሽጢ 2 መዓልቲ ከኣ ናይ እቲ ውሳኔ ዝርዝር (ምኽንያት መግለጺ) ዝብሃል ምሉእ መግለጺ ክስደደልኩም እዩ። እንተ ድኣ ኣድላይ ኮይኑ ነዚ መግለጺ በቲ ንስኻትኩም ትርድእዎ ቋንቋ ንክትርጎም ከነዳሉ ኢና። እዚ ከኣ ድሕሪ እቲ ጉዳይኩም ዝትሰምዓሉ መዓልቲ ቁሩብ መዓልታታት ክስደደልኩም እዩ። እንተ ድኣ ኣድራሻኹም ቀይርኩም ኮይንኩም ከተፍልጡና ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ መታን ነዚ ክንሰደልኩም። ከምኡ እውን ኣብቲ ጉዳይኩም ዝረኣየሉ መዓልቲ ሕጂ ትነብርሉ ኣድራሻ ንኽትመልኡ ፎርም ከወሃበኩም እዩ።

ካብቲ ቦታ ቅድሚ ምውጻኣኩም ሓደራኹም ኣብ እቲ ረሰፕሽን ዝገደፍኩሞ ኣቑሑት እንተ ድኣ ኣለኩም ኮይኑ ተማሊእኩሞ ክትከዱ ኣይትረስዑ።

# ብወረቐት ዝርኤ ጉዳይ

እቲ ጉዳይኩም ብቓል ክረኣየልኩም እንተ ድኣ ዘይሓተትኩም ኮይንኩም። እቲ ናይ ይግባይ ወረቐትኩም ካብ ARD ምስተላእኽ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ዘሎ ግዜ መልሲ ክወሃበኩም እዩ። ግን ምናልባት ተወሳኺ ሓበሬታ ካብ ARD ወይ ከኣ ካባኻትኩም ክቐርብ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም። እንተድኣ ወኪል ኣለኩም ኮይኑ ናይ እዚ ሕቶ እዚ ኮፒ ናብኦም እውን ክስደድ እዩ። እቲ ዳኛ ጉዳይኩም ሪኡ ውሳኒኡ ምስ ሃበ። እቲ ውሳኒኡን እቲ መግለጺ ናይ እቲ ውሳኒኡ ናባኹም ክንሰዶ ኢና። ኣድላይ እንተኾይኑ ከኣ ነዚ ኣስቶርጉምና ክንሰደልኩም ኢና።

# ናይ  ንጥቀመሎም ቃላት መግለጺ

ምናልባት ንሕና ንጥቀመሎም ሓደ ሓደ ቃላት ዘይለመድኩሞም ክኸውን ይኽእሉ ። እዚ ክፍሊ እዚ ናይ እቶም ቃላት መግለጺ እዩ። እንተድኣ ካብዚ ዘይተረደኣኩም ነገራት ኣሎ ኮይኑ ብኽብረትኩም ኣብዚ ናይ ሓገዝ ቁጽሪ ስልኪ (020) 8588 2500) ጌርኩም ደውሉልና።

እዚ መምርሒ እዚ ብዝተፈላለየ ቋንቋ እዩ ዝዝርጋሕ። እንተድኣ ናይ እዚ ሕታም ደሊኹም ብኽብረትኩም ምስ ናይ እቲ ይግባይ ዝብል ክፍሊ ማእከል ተራኸቡ።. ነዚ ብቐሊል እንግሊዝ ጌርና ኢና ክንገልጾ ፈቲና። እቲ ሕግታት ብሓጺሩ ክትገልጾ ከምዚ ጌርካ ሓደ ሓደ ግዜ ቀሊል ኣይኮነን። ግን ዝኾነ ዘይተረድኣኩም ቃል እንተ ድኣ ሰሚዕኩም ወይ ነቲ ወኪልኩም ወይ ከኣ ናባና ናብ ምስ ጉዳይኩም ዝሰምዓሉ ቦታ ተራኺብኩም ሕተቱ።

# A

## ፍርዲ (ብይን)

እዚ እቲ ፈራዳይ ዝህቦ ፍርዲ ድሕሪ ነቲ ጉዳይ ኣጽኒዑ ምስወደኤ እዩ።

## ፈራዳይ

እዚ እቲ ናይ ዑቕባ ዝበሉ ናይ ሓገዝ ምሃብን ዘይምሃብን ይግባይ ዝተባህለ ጉዳይ ፍርዲ ዝህብ እዩ።

ኩሎም እቶም ፈረድቲ ርእሶም ዝኸኣሉ እዮም። እዚ ማለት ከኣ ወለሓደ ሰብ እንታይ ዓይነት ውሳኔ ክህቡ ከምዘለዎም ኣይነግሮም እዩ። እቲ ዝህብዎ ፍርዲ ሕጊ ተኸቲሎም እዩ።

ኩሎም እቶም ፈረድቲ ብዙሕ ናይ ስራሕ ተልሚደን ዘለዎም ጠበቓታት ዝነበሩ እዮም።

## ይግባይ

ይግባይ ማለት ነቲ ዳኛ ጉዳይካ መሊሱ ክረኣየልካ ክትሓትት ከለኻ ማለት እዩ።

## ይግባይ ዝበለ ሰብ

ይግባይ ዝበል ሰብ ማለት። ናብ እቲ ናይ ዑቕባ ዝሓተቱ ናይ ሓገዝ ቤት ፍርድ ይግባይ ዝብል እዩ።

## ናይ ዑቕባ ዝበለ ናይ ሓገዝ ቤት ፍርዲ (AST) ሰራሕተኛታት

AST ሰራሕተኛታት ማለት ከኣ ካላኣይ ሽም ናይ እቶም ኣብ ትሕቴና ተቆጺሮም ዝሰርሑ ማለት እዮ።

## ናይ ዑቕባ ዝሓተቱ ናይ ሓገዝ ዝወሃበሉ እዋን ምንጪ ቤት ጽሕፈት በዓል ስልጣንን

እዚ ካብ ARD ቤት ጽሕፈት ዝመጸ/ጽመጸት እቲ ናይ ARD ወገን (ሓሳብ) ነቲ ዳኛ ዝገልጽ ሰብ እዩ/እያ።.

## ናይ ዑቕባ ዝሓተቱ ናይ ሓገዝ ቤት ፍርዲ

እዚ ከኣ ናትና ሽም እዩ (ከምኡ ኢልና ኢና ንጽዋዕ) ። ከምእውን ብሓጺር AST ኢልና ሓደ ሓደ ግዜ ንጽዋዕ።

# C

## ዋና ኣካያዲ ማእከል (ሓላፊ)

እዚ ናይ ማእከል ዋና ሓላፊ በዓል ስልጣን እዩ። ኩሉ እቲ ጉዳያት ብትኽክል እካየድ ከምዘሎ ዝከታተልን ዘመሓድርን ሓላፍነት እዩ። እዚ ዋና ሓላፊ/ሓላፊት ናይ እቲ ማእከል ናይ ኩሎም ሰራሕተኛታት ኣብ ትሕቴና ተቖጺሮም ዝሰርሑ ሓላፊ እዩ። ነቲ ዳኛ ከኣ ኩሉ እቲ ናይ ይግባይ ዝተባሕለ ጉዳይ ወረቓቕቲ የቕርበሉ። ግን ኣብ ውሳኔ ምሃብ ኣይካፈልን እዮ። ነቲ ጉዳያት ብትኽክል ብጽቡቕን ከምዝካያድ ዝሕግዙ እዮም። በጃኻትኩም ኣስተውዕሉ እቲ ናይ እቲ ቦታ ሓላፊ ብዛዕባ ናይ እቲ ይግባይ ዝተባህለ ጉዳይ ክኣቱ ኣይፍቀደን እዩ።

## ሲትዘንስ ኣድቫይስ ቢሮ

እዚ ስቲዘንስ ኣድቫይስ ቢሮ ዝበሃል ኣብ መብዛሕትኡ ከተማታት ዝርከብ ናይ ቤት ምኽሪ ቤት ጽሕፈት እዩ። ንዝኾነ ሰብ ኣብ ሽግር ዘሎ ምኽሪ ይህቡ። እቲ ዝህብዎ ምኽሪ ከኣ ሰልዲ ኣይክፈለሉን እዩ። እንተድኣ እቲ ሽግርኩም ክብድ ዝበለ ኮይኑ ናብ ጠበቓ ወይ ከኣ ብዛዕባ ሽግርኩም ብዙሕ ፍልጠት ዘለዎ ሰብ የተሓላልፉኹም።

## ናይ መስቀላዊ ሕቶ መርመራ

እቲ ጉዳይኩም ክረኤ ምስተጀመረ ንስኹምን እቲ ምስክር ክህበልኩም ዘምጻእክሞ ሰብን ሕቶታት ክትሕተቱ ኢኹም። እቲ ዝተሓተትክሞ ሕቶታት ምስወዳእኩም ከኣ ናይ እቲ ሓደ ክፍሊ (ነቲ ይግባይ  ዝበልክሞ ክፍሊ) ተወሳኺ ሕቶታት ክሓተኩም ይኽእል እዩ፣ እዚ ከኣ መስቀላዊ ሕቶ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

# D

## ይግባይ ዝበልክሞ ጉዳይ ዘይምቕባል (ምንጻግ)

እቲ ዳኛ ሓደ ካብቲ ክውስኖ ዝኽእል ውሳኔ እዩ። እዚ ማለት ከኣ እቲ ቅድሚ ሕጂ በቲ ናይ ዑቕባ ዝሓተቱ ናይ ሓገዝ ዝወሃበሉ እዋን ምንጪ ቤት ጽሕፈት ዝተዋህበ ውሳኔ እቲ ዳኛ ተቐቢልዎ ኣሎ ማለት እዩ። እቲ ዳኛ ኣብዚ ውሳኔ እዚ ክበጽሕ ዝክእል ግን ነቲ ጉዳይኩም ምሰጽንዮ እዩ።

# G

## ይግባይ መበሊኹም ምኽንያት

እዚ ማለት ከኣ ይጋባይ ክትብሉ ከለኹም ትህቡዎ ምኽንያታት ኢዩ፣

# H

## ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪ

ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪ ማለት ናይ መንግስቲ ሚኒስተር ኮይኑ ናይ ውሽጢ ሃገር ቤት ጽሕፈት ሓላፊ እዩ/እያ። ንሱ/ንሳ ሓድ ሓደ ግዜ ናይ ሃገር ጸሓፊ

ተባሂሎም ይጽውዑ እዮም።.ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪ ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ዝሓተቱ ዝወሃብ ሓገዝ ዝምልከት ጉዳያት ሓላፊ እዩ።

# I

## ናይ ኢመግረሽን ምኽሪ ወሃቢ ኣገልግሎት

እዚ ናይ ኢምግረሽን ምኽሪ ወሃቢ ብዛዕባ ናይ ኢመግረሽን ዝምልከት ጉዳያት ብዘይ ሰልዲ (ብጥርሑ) ምኽሪ ይህብ።

## ኣብ ቤት ፍርዲ

መብዛሕቱኡ ግዜ ኣብ ቤት ፍርዲ ክበሃል ከሎ። ናይ ዝኾነ ሰብ ጉዳዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ክስመዓሉ ከሎ ማለት እዩ። ናይ ቤት ፍርዲ ክፍሊ ክበሃል ከሎ እቲ ጉዳይ ዝስመዓሉ ዘሎ ክፍሊ ኢሉ ከኣ ይጽዋዕ እዩ።

# N

## ናይ ጉዳይኩም ዝስመዓሉ ምልክታ

እቲ ንሕና ንሰደልኩም ናይ ጉዳይኩም ዝስመዓሉ ምልክታ ጉዳይኩም መዓስ ከምዝርኤ ዝገልጽ እዩ። እቲ ጉዳይክም ዝስመዓሉ መዓልትን ሰዓትን ኣበየናይ ኣድራሻ ምኳኑን ዝሕብር እዩ። ከምኡ እውን እቲ ከተማልእዎ ዘለኩም ነገራት ንሕብረኩም።

# P

## ብወረቀት ጥራሕ ዝርኤ ጉዳይ

እዚ ማለት ከኣ እቲ ዳኛ ነቲ ዘቅረብኩሞ ናይ ይግባይ ዝብል ምልክታ ወረቓቕቲ ብደንቢ ከጽንዖ እዩ ማለት እዩ። እቶ ፈራዳይ ንስኻትኩም ናብ  ቤት ፍርዲ ከይመጻእኩም ብዛዕባ እቲ ይግባይ ዝበልኩሞ ጉዳይ ውሳኔ (ፍርዲ) ይህብ።

# R

## እቲ ጉዳይኩም ካላኣይ ግዜ ንኽረኣይ ምትሕልላፍ

እዚ ሓደ ካብቲ እቲ ዳኛ ክውስኖ ዝኽእል ውሳኔ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ነቲ ናይ ዑቕባ ዝሓተቱ ናይ ሓገዝ ዝወሃበሉ እዋን ምንጪ ቤት ጽሕፈት ነቲ ጉዳይኩም መሊሱ ክሪኦ ከተሓላልፍ ከሎ ኢዩ።

## ናይ ስደተኞታት ናይ ሕጊ ማእከል/ናይ ስደተኞታት ኣማኻሪ (Refugee Legal Centre/Refugee Council) ረፉጂ ለጋል ሰንተር/ረፉጂ ካውንስል

ረፉጂ ሰንተር/ረፊጂ ካውንስል ገንዘብ ዘይክፈለሉ (ብጥርሑ) ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ዝምልከት ጉዳያት ምኽሪ ይህብ።.

## ወኪል

ብዛዕባ ወኪል መሓዝ ጽቡቕ ጌርኩም ክትሓስብሉ ይግባእ። ምኽንያቱ ብዛዕባ እቲ ይግባይ ትብልዎ ጉዳይኩም ብዙሕ ክሕግዙኹም ይኽእሉ እዮም።.

ወኪላት ጠበቓታት ክኾኑ ይኽእሉ ወይ ከኣ ብዛዕባ እቲ ጉዳይኩም ዝምልከት ብዙሕ ፍልጠት ዘለዎም ሰባት ክኾኑ ይኽእሉ ከምብዓል ናይ ኢምግረሽን ምኽሪ ወሃብቲ ወይ ከኣ ናይ ስደተኛታት ናይ ሕጊ ማእከል ወይ ከኣ ጠበቓታትን ናይ ሲትዘንስ ኣድቫይስ ቢሮን ክኸውን ይኽእል እዩ።

እቲ ወኪል ክኾነኩም ትመርጽዎ ሰብ በዚ ጉዳይ እዚ ብዙሕ ናይ ስራሕ ተመክሮ/ልምምድ  ዘለዎ ሪኢኹም ክትመርጹ ይግባእ መታን ነቲ ጉዳይኩም ክሕግዘኩም። ነዚ ክትመርጹ እንተድኣ ሓገዝ የድልየኩም ኮይኑ ንናይ ስቲዘን ኣድቫይስ ቢሮ ወይ ከኣ ናይ ጠበእቓታት ማእከል ብተሌፎን ወይ ከኣ ብኣካል ተራኸብዎም። ከምኡውን ኣብ ኩሉ ቤት መጽሓፍቲ ናይ እዚኦም ቤት ጽሕፈታት ቁጽሪ ስልኪ ኣብ መዝገብ ኣለዎም።

## ወሃብ-መልሲ

ወሃብ መልሲ ኣብቲ ናይ ይግባይ መስርሕ በቲ ኣቐዲሙ ዝሃቦ ውሳኔ (ፍርዲ) ተቓውሞ ዝቐርበሉ ዘሎ ሰብ ኢዩ፣ ናይ ውሽጢ ሃገር ሰክረታሪ ኣብቲ ኩሉ ናብ ናይ ስደተኛታት ድጋፍ መጋብእያ ዝቐረበ ይግባይ ወሃብ መልሲ ይኸውን፣

# S

## ናይ ውሽጢ ሃገር ዋና ጸሓፊ

እዚ እቲ ካልእ ሽም ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪ እዩ። መብዛሕቱ ናይ መንግስቲ ክፍሊ ናይ ውሽጢ ሃገር ኣማሓዳሪ ክፍሊ ኣለዎ። ግና ኣብ ናይ ስደተኛታት ድጋፍ መጋብእያ (AST) እቲ ዋና ጽሓፊ ዝብል ቃል ።  መብዝሕትኡ ጊዜ ናይ ውሽጢ ሃገር ዋና ጸሓፊ ማለት ይኸውን፣

## ጠበቓታት

ጠበቓ ማለት ኪኢላ ሕጊ ማለት እዩ።  ገሌኦም ብዛዕባ ናይ ዝተፈልየ ጉዳይ ብዙሕ ናይ ስራሕ ልምዲ ዘለዎም እዮም። ንምሳሌ ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ዝሓተቱ ሓገዝ ዝምልከት።

## ጉዳይ ምቕራብ

እዚ ማለት ከኣ እቲ ጉዳይ ዝረኣየሉ መዓልቲ ነቲ ዳኛ ክልቲኡ ወገን ነናቱ መግለጺ ክህብ ከሎ ማለት እዩ። እዚ ዝኸውን ከኣ ኣብ መወዳእታ እቲ ጉዳይ ዝረኣየሉ መዓልቲ ናትኩም ቃል ምስወሃብኩምን እቲ ምስክር መሰኪሩ ምስወድኤ እዩ። እዚ ከኣ ሓደ ካብቲ መንገዲ ነቲ ዳኛ እቲ ዋና ዋና ነጥቢ ዝግለጸሉ ግዜ እዩ።

# U

## ይግባይ ዝተባህለ ጉዳይ ምቕባል

እዚ ሓደ እቲ ዳኛ ክውስኖ ዝኽእል ውሳኔ እዩ። እዚ ማለት ከኣ እቲ ዳኛ ነቲ ይግባይ ዝበልኩሞ ጉዳይ ፍርቂ ወይ ከኣ ብምሉኡ ተቐቢልዎ ማለት እዩ እሞ። ብእኡ ተሞርኪሱ ከኣ ነቲ ይግባይ ዝበልኩሞ ጉዳይ ሓድሽ ብዛዕባ እቲ ናይ ዑቕባ ሓገዝ ይውስን ማለት እዩ። እቲ ዳኛ ነዚ ውሳኔ ክውስን ዝኽእል ነቲ ጉዳይኩም ግምት ምስ ሃቦ (ኣጽንዖ) ጥራይ እዩ።

## ኣሳሳዩ (ኣሰላፊ)

እዚ ከኣ ናይ ቤት ጽሕፈት እቲ ጉዳይ ክስማዕ ከሎ ነቲ ዳኛ ዝሕግዝ ሰብ እዩ። ንሳ/ንሱ ጉዳይኩም ክሳብ ዝረእየልኩም ኣበይ ኮፍ ኢልኩም ክትጽበዩ ከምዘለኩም ዘርኢ. እዩ ። ሓደ ሓደ ጊዜ ከኣ ብንሳ/ንሱ በቲ ና ጸጥታ ኣኽባሪ ክሕገዙ ይኽእሉ እዩ።

# W

## ምስክራት

እዚ ማለት ከኣ ነቲ ጉዳይኩም ክሕግዙኩም ኢልኩም ምስክር ክህቡልኩም ዘምጻእኩሞም ሰባት ወይ ከኣ በቲ ናይ እቲ ጉዳይኩም ኣቕራቢ ነቲ ክትያም ክሕግዞም ዘምጽኦም ምስክር ክህቡ ክኾኑ ይኽእሉ። ምስክራት ከተምጽኡ ናይ ግድን ኣይኮነን ግና እንተደሊኹም ከምተምጽኡ ትኽእሉ ኢኹም፣

# ምስ AST ምርኻብ

## ኣድራሻ

Asylum Support Tribunal  
Christopher Wren House  
113 High Street Croydon  
CRO 1QG

## ቴሌፎን (ቁጽሪ ስልኪ)

020 8588 2500

## ፋክስ ቁጽሪ

020 8588 2519

## ገንዘብ ዘይክፈለሉ ቴሌፎን

**ናይ** AST **ገንዘብ ዘይክፈለሉ ቁጽሪ ስልኪ 0800 3897913**.

**እዚ ቁጽሪ ስልኪ እዚ ነቶም ይግባይ ዝብሉ ዘለዉ ብዛዕባ እቲ ጉዳዮም ወይ ናይ ይግባይ ኣሰራርሓ ብዝያዳ ክዘራረቡ ዝደልዩ ሰባት ጥራይ እዩ።**.

## ኢመይል

ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ ኣብዚ ሰዓት እዚ ብኤሌትሮኒክስ ጌርና ክንራኸበኩም ኣይንኽእልን ኢና።

ምሳና ክትራኸቡ እንተድኣ ደሊኹም ወይ ብቴሌፎን ወይ ከኣ ብደብዳቤ ተራኸቡና።

## ከመይ ጌርኩም ክትረኽቡና ትኽእሉ

ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ እዚ ናይ ዑቕባ ዝሓተቱ ናይ ሓገዝ ቤት ፍርዲ ርእሱ ዝኽኣለ ምስ ናይ ዶብን ናይ ኢምግረሽን ትካላትን (Border & Immigration Agency) ወለሓንቲ ዘራኽብ የብሉን። ናብ (ክሪስቶፈር ዋረን ሃውስ) Christopher Wren House ክትመጹ ከለኹም ናብ እቲ ዓቢ መንገዲ ገጽኩም ትመጹ ካብ እቲ (ዊት ጊፍት) ዝብሃል ዓቢ ሹቕ ንንዮ ዘሎ ዓቢ መንገዲ ሒዝኩም። እዚ ኢስት ክሮይዶን ዝባሃል (East Croydon Railway) ናይ ባቡር መዕረፊ ናይ AST ህንጻ 10 - 15 ደቓይቕ ናይ እግሪ ጉዕዞ እዩ።